Tewahdo.org cyber ministry

# ስርዓት ኣምልኮ ተዋህዶ ቤተክርስትያን

ጥቅምቲ 2ይ ሰንበት

**ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (ዘመነ ጽጌ፤ ካብ መስከረም ፳፮ - ሕዳር ፭ ግእዝ)**

**1ይ ካህን** ሉቃስ 12፡16-22 (Luke 12:16-22)
**2ይ ካህን** ግብ 7፡23-30 (Acts 7:23-30)
**1ይ ዲያቆን** ኤፌ 6፡1-10 (Ephesians 6:1-10)
**2ይ ዲያቆን** ራእይ 12፡1-13 (Revelation 12:1-13)

**ቅዳሴ፡- ቅ. ማርያም**
**መዝሙር፡- "ኪነ-ጥበቡ መንክር ወዕፁብ"**
**ዕጹብን ድንቅን ዝኾነ ግብሪ ኣምላኽ**

ተዘከር እግዚኦ ከመ መሬት ንሕነ
ወሰብሰ ከመ ሣዕር መዋዕሊሁ
ወከመ ጽጌ ገዳም ከማሁ ይፈሪ።

ፍጥረትና ይፈልጥ እዩ እሞ፡ ሓመድ ምዃንና ይዝከር እዩ። ሰብሲ መዓልትታቱ ከም ሳዕሪ እዩ፡ ከም ዕምባባ መሮር ይዕምብብ። መዝ 102፡14-15።

"For he knoweth our frame; he remembereth that we [are] dust. [As for] man, his days [are] as grass: as a flower of the field, so he flourisheth." Psalms 103:14-15

## ብጥበቡ ሰማይን ምድርን ዘወቀበ እግዚኣብሔር

ኣብዚ ዕለት ክርስቶስ መኣዛ ቅዱሳን፡ ገጽ ምድሪ ዘወቅብ ምዃኑ ይዝመር። ኣብቲ ለይቲ ንግሆ ዝፍጸም ኣምልኾ፡ ብመዘምራን ዝቐረበ መዝሙር ትርግሙ፡ ኣባና ምሕረቱ ዘብዝሐ፡ ኣብ ኣርያም ዝነብር፡ ብደበና ተጋሪዱ ዝነበረ ሰማይ ብብርሃን ከዋኽብቲ ዘብርሀ፡ ንምድሪ ድማ ብኣዝመራን ጽጌረዳን ዘማዕረገ ኣምላኽ ጥበቡን ዕምቆቱን ሰፊሕ እዩ። ሱፍ ዕምባባ መኣዛ በረኻ ከምዝኾውን፡ ንስኻውን ናይ ቅዱሳን መኣዛ ኢኻ" ዝብል'ዩ። ናይ ቅዱስ ያሬድ ብሓጺሩ ትሕዝቶኡ፡ ገጽ ምድሪ ብጽጌረዳ፡ ገጽ ሰማይ ድማ ብከዋኽብቲ ዚጌጸ እግዚኣብሔር ጥበቡ ዓሚቕ እዩ ዝብል እዩ።

በቲ ቀዳማይ ዲያቆን ዝተነበበ፡ ንሰባት ዕድመ ዝህብ፡ ክረምቲ ኣሕሊፉ ናብ ኣዝመራን ቀውዕን ዘብጽሕ ኣምላኽ ስለዝኾነ ውሉድ ንወለዶም ብምእዛዝ ዕድሜኦም ኪነውሕ ምዃኑ ይመክር። በቲ ካልኣይ ዲያቆን ዝተነበበ መልእኽቲ ከኣ እታ ሰበይቲ ኣብ ስደት ዝጸናሓትሉ ዘመን ይሕብር። በቲ ካልኣይ ካህን ዝተነበበ ድማ እግዚኣብሔር ህዝቡ ንምድሓን ዝመደቦ ግዜ ይትንትን። ኩሎም መልእኽታት ብሓባር ዘመሓላልፍዎ መልእኽቲ፡ ግዜን ዘመናትን ብናቱ ፍቓድ ዝለዋወጡ፡ ጎይታ ስርሑ ዝገልጸሉ መስርሕ ምዃኑ እዩ ዝምህረና። እቲ ስብከትውን ከምኡ ዕድመ ሰብ ከም ዕምባባ ተራእዩ ዝጠፍእ ምዃኑ ዘዘክር ዓብዪ ጸሎት እዩ። በቲ ቀዳማይ ካህን ዝንበብ ናይ ዕለቱ ወንጌል ከኣ ፈጣሪኡ ዘረስዐ ትምኒት ናይቲ ሃብታም ሰብኣይን፡ ብዛዕባ ክረምቲ ሓሊፉ ፍረ ዝፈርየሉ ውቁብ ገጸ ምድርን ይትርኽ።

እቲ ቀንዲ መልእኽቲ ወንጌል ናይዚ ዕለት፡ እቲ ብሰፊሕ ፍልጠቱን ዓሚቕ ጥበቡን ዝናማትን ጠባይ ኣየርን ኣዋሃሂዱ ምድሪ ፍረ ክትፈሪ ዝገብር ኣምላኽ ተረሲዑ፡ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ብዛዕባ ፍሬኡ ዝእክበሉ ማዕከን ኪጭነቕ ከሎ የሪኢ። እቲ ዘሎዎ ማዕከናት ኣፍሪሱ ኣግፊሑ ኪሰርሖ እሞ ንነፍሱ ድማ ብዘይ ስክፍታ ዓሪፋ ክትበልዕ ምዃና ኣእሚኑ ኣብ ውሳኔ ይበጽሕ። ነገር ግን ናይቲ ኩሉ በረኸትን ፍረን ምንጪ ዝኾነ ኣምላኽ ብዘይ ምዝካሩ፤ ብሰብ ሃብታም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ድማ ድኻ ምዃኑ ኣመስኪሩ። ከምቲ ኣብ መዝሙር ዳዊት ዘዝየምናዮ ድማ፡ ህይወቱ ካብ ሓንቲ ለይቲ ኣይሓለፈትን፤ ብዋናኣ ተወሲዳ። ስጉኡ ንምብስባስ፡ ሃብቱ ድማ ብኻልኦት ይውረስ።

ከም ክርስትያን ካብዚ እንታይ ንመሃር? ኣብ ኩሉ ምኽርናን ሓሳብናን እግዚኣብሔር ከነቐድም ይግባእ። ንሰማይን ንምድርን ብዘይ ዋላ ሓንቲ ጌጋ ተፈጥርኦምን ስርዓቶምን ሓልዮም ብወቕትታትን ዘመናትን ኪለዋወጡ ዚገበረ፤ ንፍጥረት ኩሉ ብዘድልዮም ዚምግብ ፍልጠቱን ጥበቡን ዘይምርመር ኣምላኽ ዓብዪን ስልጥኑን እዩ።

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፤ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑሰቃል ኣካሉ።